January 02, 2022

# ቁሉስ ደብዳቤ ናብ ዓለም ለኸ ማሕበረ ሰብ ምሁራን ትግራይ

ሰላምኩምን ደሓንኩምን እምነ። ከምኡውን ንቶም ኣብ ብዙሕ መከራን ዓጸቦን ዝርከቡ ቆልሁ፣ ኣደታትን ከልኦት ገባርን ተቐማጦ ሰሜን ኢትዮጵያ (ክልል ትግራይውን ዘነትት) ካብዚ ዘለውዎ ዘሕዝን ምዕራፍ ፍጡን ምንጋፍ ክኾነሎም ናይ ልቢ ምንዮተይን ምጓልታዊ ጸሎተይን እዩ።

ናይ ፖለቲካ ሰብ ኣይኮንኩን፤ ከኸውንውን ኣይህንጠን። ይኹን እምበር ኣብ መጻኢ ዕድል ናይ ሃገረይ ኤርትራ ኣሉታዊ ጽልዋ ከሕድር ዝኽእል ዘይጽዱይ ሓበሬታታት ብስም ሊቃውንቲ ክወጽእ እንከሎ: ሃገረይ ዝተማህረ ሰብ ከምዘይብላ ኢደይ ኣጣሚረ ስቅ ክብል ኣይኮነለይን።

ኣብቲ ዘውጻእኩምዎ መግለጺ: እታ ከትምስትርትዋ እትደልዩ ሃገረ ትግራይ ኣብ ወደባት ኤርትራ መሰል መንገዲ ከምዘለዋ ዓለምለኻዊ ሕግታት ብምጥቃስ ኣሚትኩም። እዚ -ብናትኩም ኣረኣእያ- ኣብ ዘተን ክርክርን ዘይኣቱ መሰልኩም ከም ዝኾነ ሓቢርኩም። ነቲ ሕጊ ብዘይ ኣድህቦ ዘንበበ ሰብ ነዚ መግለጺኹም ከም ወዱእ ሓቂ ከቕበሎ ይኽእል ይኸውን። ልዕሊ ዓሰርተ ደቒቕ ጊዜ ወሲዱ ነቲ ሕጊ ብሙሉኡን ከም ዝግባእ ንዘጽንዖን ግን መትከልኩም ኣብ ፍርቂ ሓቂ ዝተሰረተ ምዃኑ ኣይምስሓቶን።

ሕጊ ባሕርታት (Law of the Sea) ዓንቀጽ 125 ሰለስተ ንኡስ ዓንቅጻት ኣለዎ። እቲ ቀዳማይ ንኡስ ዓንቅጽ ብዛዕባ መሰል እተን ወደብ ዘይብለን ሃገራት ንመንገዲ ባሕሪ ይገልጽ። ከምቲ ዝግባእ ዝርዝር መምርሒታት እኳ እንተዘይሃለዎ፤ እቲ ካልኣይ ንኡስ ዓንቀጽ ነቲ ቀዳማይ ንኡስ ዓንቅጽ ንምትግባር ዝኽተልኦ ኣግባብን መስርሕን (ቅጥዕታትን ናይ ዘባዊ/ንኡስ-ዘባዊ ስምምዓት) ብመጠኑ የብርህ። ትሕዝቶ ናይቲ ሳልሳይ ንኡስ ዓንቅጽ ኣብቲ ጽሑፍኩም ብዘይምንጽብራቑ ከይገረመኒ ኣይተርፈን። መትከልኩም ኣብ ዘተ ዘይኣቱ ከምዝኾነ ንምምሳል እንተኾይኑ፤ ንዘይግዱስ ኣንባቢ ከተታልል ምፍታንዩ። ብግርህና ዝተሰገረ እንተኾይኑ ግን ካብ ልዕሊ 3,500 ምሁራን ሓደኳ ዓገብ ከይበለ ኩሉም ምፍራሞም የሕዝን።

እቲ ሳልሳይን ዓቢ ወሳንነት ዘለዎን ንኡስ ዓንቀጽ ብዛዕባ መሰል እተን ዋንነት ወደብ ዘለወን ሃገራት ዘቶኩር ኮይኑ: ብዙሃታት ስኒትን ኸልትኣዊ ርክባትን ናይተን ሃገራት ኣገዳሲ ዝጽሉ። እዚ ንኡስ ዓንቀጽዚ እተን ወነንቲ ወደብ ሃገራት (ከም ሃገረ ኤርትራ) ልኡላውነተንን ረብሓአንን ክሐልዋ ምሉእ መሰል ከምዘለወን ይገልጽ። ነዚ ንኡስ ዓንቅጽ ኣገዳሲ ወሳንነት ከህልዎ ዝገብሮ ምኽንያት ድማ እቲ ሕጊ ብጉዳያት ጆግራፊ ጥራይ ዘይኮነስ ናይቲ ቀጠና ጂኦፖለቲካዊ ህሉው ኩነታት ከምዝወሰና ስለ ዘመልከቶ።

በቕሊ ኩብዳ እንተዓበየ ስለ ዝተነፍሐት እዩ እምበር ምልክት ጥንሲ ክኸውን ኣይክእልን፤ ከተምትን ዲግሪታቶምን እንተበዝሑውን ነቲ ዓለምለኻዊ ሕግን ኣብ ባይታ ንዘሎ ጂኦፖለቲካዊ ጭቡጥ ኩነታትን ኣይቅይሮን። እቲ ኣካይዳታት መራሕትኹምን ምዕራባውያን ንይቶቶምን ኣብ ዝሓለፈ 30 ዓመታት ዝተኸተልዎ

ድሑር ዓሌት/ቀቢላ-ተኮር ምሕደራ፡ ኣብ ሞንጎ እቶም ንወለዶታት ሓቢሮም ዝነበሩን ስተዋሰቡን ህዝብታት ቀርኒ ኣፍሪቃ ሕሉፍ ጽልእን ዘይምትእምማንን ከም ዝተኸለን፡ እዚ ዝመስረቱ ጂኦፖለቲካዊ ከውንነት ከም ዝፈጠረን ሓላፍ መንገዲ ዝፈልጦ ሓቂዩ። ኤርትራውያን ብሰሪ ሕብረ ዓይናም ኩብቲ ንወለዶታት ሃዲኦም ብስኒት ዝነብሩሉ ዝነበሩ ቦታታት ከም መንካዕ ብለይቲ ካብ ገዛውቶም ተሓኒቆም ዝተጠረዘሉን ህሞትውን ፈጢሩዩ።

ጊዜ ምስሓለፈ ነዚ ዘሕዝን ምዕራፍ ደጊም ረሲዕናዮ ምስበልናውን፡ ካብ መራሕቲ ክልል ትግራይ ጀሚርካ ክሳብ ናይ ሶሻል ሚዲያ ካድረታቶም ንወደብ ኤርትራ ከም ወደቦም፡ ንዝመሽኦም ክፋላት ህዝብታትን መሬትን ኤርትራ ከም ናቶም ክዛረቡን ክፍክሩን ተሰሚዖም እዮም። ኣእዛናም ዓቢዖም ኣድራሻ ኣስመራ ሃሰስ ዝብሉ ስነ ጥበባውያን ጥራይ ዘይኮኑስ፡ ዕድል ምስ ዝረኸቡ ናይ ምስፍሕፋሕ ዓላማታት ከምዘለዎም ብዕሊ ዝዛረቡ ናይ ፖለቲካ መራሕቲ ከምዘለውኹም ናይ ዕዳጋ ምስጢርዩ። እዚ ተርእዮታት እዝን፡ እቲ ዘተ ዘይፈቅድ መትከልኩምን፡ ዝኾነ ይኹን ክልተኣዊ ስምምዓት ንምፍጣር ይኽልክል ጥራይ ዘይኮነስ ብገለ ተኣምር እንተተፈጥረውን ክይትግበር የልምዕ። ጉዳይ ባድመን ናይ ኣልጀርስ ስምምዕን ንምስክር እጽውዕ።

ስለዚ ኣብ ወደባት ኤርትራ ተኣሚንካ ዝግበር ዝኾነ ይኹን ሃገር ናይ ምስናዕ ሕልምታት፡ መከራ ህዝቢ ትግራይ መሊሱ ዘናውሕን ናብ ዝገደደ ዕንክሊል ዘእቱን ከም ዝኾነ ኣዝዩ ክስመረሉ ዝግባእ ሓቂዩ። ኤርትራ ንልኡላውነታን፤ ንሰላምን ርግኣትን ህዝብታታን ኣብ ሓደጋ ዘውድቅ ልፍንቲ ናይ ምንጻግ ሙሉእ መሰል ከምዘለዋ ብኣግኡ ይፈለጥ። ኤርትራ ወደባታ ካልኦት ኣካላት ክጥቀሙሉ እንተፈቒደት ብወለንታኣን ብጽቡቕ ድሌታን እምበር ፍርቂ ዓለምለኻዊ ሕጊ ብምውካስ ብዝግበር ምድንጋራትን ጸቕጥን ኣይኮነን። ኤርትራ ልኡላውነታ ንዝዳፈሩን ረብሓታታን ዕብየታን ንዝጸብኡን መንግስታት ሕልምታቶም ከተማልእ ሓላፍነትን ግደታን ከም ዘይብላ ንጹር ክኸውን ይግባእ። ኣግማል ኤርትራ ካብ ባሕርታተን ጋና ስትየን ኣይጸገባን።

ምስናይ ኩሉ ኣኽብሮት



ዶክተር ቤንሁር ሁቕባይ

ኤርትራዊ